ዘይወግሕ ወጋሕታ!

ኩኩናይ ዘይንቁወሉ መረበታ
ገድሊ ምሸት ገድሊ ወጋሕታ
ወላድ ምግልጋል ፃዕሪ እንትጎታ
ክሳብ ኣፍ ሞታ
ኣብክንዲ ሓገዝ ዘውርድ እፎይታ
ምሽምጣጥ ተፀጊዕካ ኣብዝሞቀ በታ
እናበልካ ባዕላ ዘምፀኦቶ ሽማሚታ
ክተሽሞንምን ኣብ ገዛ እንዳማታ:
ጉንብስ ጥልዕ ዘልመደት ንጎይታ::
እናበሉ ትልብድዋ ዘይ ናታ

መዘከርታ!
ኣንታ
ነገር ሽፍታ
ናታስያ ንሓማታ

ቀደሙውን ዝጉሉ ዋዕዋዕታ
ነወሕቲ መልሓስ ፈርኬታ
ባዕሎም ጩርጊፎም ኡይኡይታ::

እዋን ገድሊ ኾታ
መጀመርታ
ፀላም እዋን 'ዘመነ መሳፍንት'
ኢልካ ሹም ምሃብ መፀዋዕታ::

ሓደ ሓደ ሰባት ሚካኤል ሱሑል 'ዘመነ መሳፍንት' ዝብል:: ስያሜ ን1676-1876 ሂቡእሎም ይዛረቡ ሱሑል ዝበሎ "ፍፃሜ መንግሥቲ" እንትኾውን "ፍፃሜ መንግሥቲ" ማለትን 'ዘመነመሳፍንት' ሓደ ትርጉም ፈፂሙ የብሉን

'ዘመነ መሳፍንት' ዝበልዎ ናይ ኣምሓራ ፀሓፍትን ሊሒቃን ኢዮም
ኣምሓራ ሊሕቃን እንተዘይገዚኦም መሬት እንዳማቶም እንተጎቢጦም ንዖዖምእንተዘይጢዕውዎም መፀለምታ ነውሪ ስም 'ዘመነ መሳፍንቲ' ኢሎም የናሸውዎነዙይ ሕንፍሽፍሽ ባዕሎም ክምዘይፈጠርዎ
ቁስሊ ዝፍጠር ኣካል መጥቃዕቲ ምስበፅሖ እዩ ቁስሊ ስቅ እሉ ካብ ሃዋሁው ጡብኢሉ ኣይፍጠርን'ዘመነ መሳፍንት' ስቅ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ሕንፍሽፍ ኣይነበረን ቅድም ኢሉ ሥርዓት ኣንኮበር/ሸዋ ዝወለዶ ተኣጅሉ ንክፍንድዕ መዓልቲ ዝፅበይዝነበረ ቁስሊ እዩ

መሬቶምን መስሎምን ብኣንኮበርያን/ሸዋ ዝተነጠቁ ኣጎው ቤተ ስራኤል ሽናሻሻንቅላ/ቤንሻንጉል ቅማንት ትግራዎት ወዘተ .... ግፍዕን በደልን ኣንቀር ምስበፅሔ: መሰሎም ንኽኽብሩ ርስቲ መሬቶም ከምልሱ ካብ መግዛቲ ሓራ ክወፁ ሳኣንብቁዕን ፁሩይን ውዳቤን መሪሒነትን ደንገርገር ዝበሉሉ እዋን እንትኸውን'የፈክክር ቤት ሳይ ዘጋ ያድራል' ክምዝባሃል ኣምሓራ ገዛእቲ ዓይኒ ኣግፊሖም ዘሎንዘየን ክመናጠሉ ዓይኒ ንዓይኒ ክናቆሩ ክባሉው

ክቃተሉ ዝፈጠርዎ ሕንፍሽፍሽ ኢዩ'ዘመነ መሳፍንት' ዘይኮነስ ዘመነ ቃልሲ ከምዚ ሕዚ እዋን ዝካየድ ዘሎ ቃል ሲ እዩ

ተስፋሕፈቲ ብሰላም ደቂሶም ዝሓድሩላ መዓልቲ የላን ካብ ገበን ዝፈፀምዎ በዝሒሑቀ ዝባኖም ስለዘየኣምኑ ኩሉሳዕ ብረት ምስተኣጥቁ ኩሉሳዕ ምስፎከሩ እታዛሓዝዋ መሬት ትፀንሕዶ ትኸይድ ሰለዘይተኣማመኑ ኩሉሳ ዕ መሬት ንጥቂ የማንንፀጋምን ምውራር ኣብ ደም ሥሮም እተነድቀ ባህሪ ጠባይ እየካብ ክባቢ ሸዋ ዘሊሎም ንወሎ: ካብ ወሎ ንጎጃም: ካብ ጎጃም ንበጌምድር: ካብበጌምድር ንትግራይ ክዋናጥሑ ዝነጠቅዎ በሊእዖም ከ ይፀገቡ ራዕድን ሁውከትንዝፈጥሩ ቁራፅ ኣጋንንት እዮም

እግዚሔር ዕድል እንተሒቡካ ንጋኔን እንታይ ትገብሮ: ምስጋኔን ተፀጊዔ ክነብርዝብል ስብዶ ኾን ይህሉ: እንድ ዕሉ?

'ሞኣ ኣንበሳ ዘእምነገደ ይሑዳ' ኢልካ እንዳ ፈኸራ ቤተ እስራኤልያዉያን ኣልየትእንዳፅነትካ: መሬቶ እንዳገፈፍካ ምናልባት ሰሎመን ተወላዲ መንዝ እዩ ኢልካ እንተዘይሰበኽካ!

ናይ ኣምሓራ ሊሕቃን ብዕራይ ኣድጊ ወለደ ትርኽት ኣውጊእኻ ኣይውዳእን::

እሞ ናብቲ ዘምፀአና ጉዳይ ክንምለስ

መሳፍንት ሸዋ ካብ1270-
1748 እንዳተጋላበጡ በትረ ሥልጣን ኢትዩጵያ እንተንደቅቅሉ መሬትን ኣዲ ኦሮሞ አገው ቤተስራኤል ሺናሻ ቤ ንሻንጉል ትግራይ እትስርቁንዓልየት ተፅንቱ : ኹሉ ነገር ጥዑም እንትበዝሕ መጨረሲኡ ኣብ ሓንጎልካ መርዚይ ነዝሕ ኸም ዝበሃል

27/6/1755-7/5/1769 ንጉሥ እየስቶስ/Iyoas I
(ወዲ ኢያሱ ዳግማይ) በኣቡዑእንትኸውን: እኖሓጉዑ ንግሥቲ ምንትዋብ እንትትኸውን: ኣዲዑ ውቢትበርስባ/Berebsa ኦሮሞ እያ እየስቶስ ኦርምኛ እምበር ኣምሓርኛ ዘይዛረብ ተስፋሕፈሕቲ ኣምሓሩ ዘደንገፀንጉሥ ነበረ: ይብኣስ 3000 ኦርሞ ወታደራት ኣስልጢኑ መረሕቶም ባይራል/Birale ልቦ/Lubo ዝበሃሉ ኦሮሞ መረሕቲ ኣኮታ ቱ ሸመ

ነዙይ ክቓወሙንክምክቱን ደጃዝማች እሼቴን የማርያም ባርያው ናይ በጌምድርኣዛዚ ፀረ ኦሮሞ ማሕበር ኣቃ ቆሙ

ደጃዝማች እሴቴ ናይ ዳሞት ገዥእንትኾኑ የማርያም ባርያው ናይ በጌምድር ኣዛዚኾኑነገር ግን ዳሞት ዝነብሩ ጃዋ ኦሮሞ ኣዛዚ ደጃዝማች እሼቴ ቀቲሎም ናይ ባዕሎምዓልየት ፉሲል ዝባሃል ሸሙ

ቀፂሉ እየስቶስ ባራል/Birale ናይ ቤግምድር ኣዛዚ ገብሮ: ዝራዓድን ተደናገፅንኣምሓራ የማርያምባርያው ንባ ይራል ክውግእ ተማሕፂኑኣብ ሩባሩባ ፈርነይ ተዋጊኦም የማርያም ባርያው ባይራል/Birale እንትቀትል

ፅንሕ ኢሉ ኸይኑ ግን እየስቶስ (ወዲ ኢያሱ) ብምንትዋብ ኣቢሉ ንሚካኤል ሱሑልሓገዝ እንትጥይቅ: ምስ ና ይባዕሉ 3000 ናይ ሱሑል ሚካኤል 6000 ስራዊት ኣስሊፉንባይሬል/Birale ጦር እዛዚ ገሩ ኣብ ነፉስ መውጫ ን ባርያው ማርያም ገጠሞ

ድሕሪ ዘይተፀበየ ሞት ኢያሱ 2ይ ወዱ ኢዮኣስ/Iyoas 1ይናብ ሥልጣን ምምፃዕ

ኣብ ሞንጎ  ንግሥ ምንትዋብን እዶ ኢዮኣስ 1ይ ኣነ እባ ኣነ እባ እንደራሴ ክኸውንፉኽክር ምንትዋብ ንሱሑል ሓገዝ ጠይቓ 26000 ስራዊት ኣሰሊፉ ሱሑል ጎንደርተቆፃፀረ. ካብዚኦም 6000 matchlock  ዝተኣጠቁ ጽእንትኾኑ ኣብ ፍላቀቲግርገር/Filakit Gerger ንፉስ መውጫ ሱሑል ንማርያም ባርያው ኣቁሲሊንወሎብውቁዑ ክሃድም  ገበሮ

ባርያው ቆሲሉ ንወሎ እንትሃድም ናይ ወሎ ኦሮሞ ምስ 10 መረሕቲ ሠራዊትሒዞም  ንእየስቶስ ኣረከብዎም ጄነራል ሉቦ/Luba ድማ ባርያው ደም እናፈስሰ ቁስል እናሃለወ ክሳዱ ቆሪፁመንጢሊ ደርበዮ

ዳሞት ቀንዲ ሃገረ ኦሞቲክ ዝባሃሉ ኣህዛብ እንትኸውን ቀፂሉ ብኦሮሞ ኣልየትኣብትሕቲ መግዛእቶም ዝእተወ እዩ::

እግረ መንገደይ ክዛረብ እንተኾይነ ዳሞት ጥቃ ሩባ ኦሞ ዝርከብ ቀንዲ ተወለድቲእቲ ኣዲ ድማ ኦሞቲክ ዝባሃሉ ኣልየት ኢዮም

ዳሞት  ናይ ኦሞቲክ ሕዝቢ ዝነበረ እዩ ከም ወሎ ጎጃም በጌምድር ትግራይ ሸዋብጀካ መንዝን መርሓቤቴን  ብ ኣምሓራ ካብ ኣገው: ሽናሻ: ሻንቅላ/ቤንሻንጉል: ኦሮሞ : ቆቦ መተማ ዋግጅራ ካብተጋሩ ቤተእስራል ቅማንት ተ መንዝዔ ተስረቀንመሬት

ሚካኤል ሱሑል ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ብንጉሥ ኢያሱ ዳግማይ ይበፅሖ ምንባሩዝፍለጥ እንትኸውን በዙይ ምኽንያት ሱሑል ብኢያሱ ድልየት ካብ ግብፂ ኣቡን 1745 ዓ.ም ኽምፅዕተኣዚዙ እቶም ሉዑኻን ኣብ ማ ሳዋ ንሽድሽተ ወርሒ ከይወፁ  ብNaib  ኣዛዚምፅዋዕ እንትዕገድ

ኽምዑድማ ሓዱሽ  ኣቡን  የሃንስ ሒዞም ካብ ግብፂ እንትምለሱ ኣብ ከተማእርቂቆ/Arqiqo ኣስሮም ገንዝብ/r ansom እንተዘይ ከፈልኩም  ኣንሕልፈኩም  ብምባል  ደብረቢዘን ቤተ ክርስትያን ሓገዝ ለሚኖም ጉቦ ገንዘብ ክኸፍሉእንትግደዱ ከም ናይ ሱሑል ድኽመት  ንጉሥ ኢያሱ ስለዝወሰዶ ሱሑል ተወቃሳገበሮ

በዙይን ወዲዙይን ሱሑል ምስ  ዓንደ ሃይማኖት ገዛኢ ባሕሪ ምድሪ ዝነበረ  ተቃያይሙ 1752  ወጊዑ ማሪኹ ቀተሎ

ናብቲ ዋና ዘምኣና ንኽንምለስ ሱሑል ኣብ ውግዕ ሠራዊት ኢዮኣስን/Iyoas እዙይ ጭካነ ዝረኣዩ ናይ እየስቶስ ወታደራት 12 መኮነናት ኮላይ ራእሲ ወንድወሰን(ወርቅወሃ ጋል-ጋሉ ንኢያሱ ቀዳማዊ ተመርዒዩ ዝነበረ ንሃይሉ  ወሊዱ: ሃይሉንተድላ:  ተድላ ኣያህሉሽ: ኣያህሉሽ ንንጉሥ ተክ ለጊዮርግስ 2ይ 1836- 1873 ውልድ-ንውልድ ሓረግ ተዋለደ) ብሕቡዕ ጠፊኦም ክሃድሙ ገበሩ::

ድሕሪ ሽንፈት ኣምሓራ መሳፍንት ሱሑል እናገነነ ምስመፀ ኢዮኣስ ተደናጊፁኣኽንዲዘኾለስኩ ኢደይ ተነኽስኩ ከምዝበሃል  ኢዮኣስ/Iyoas ምስ ፋሲል/Fasil ሽጢሩ  ንሱሑል ዓድኻ ተመለስ ኢሎም ውግዕ ገጠሙሉ ኣብ ፋግ ታ/Faggeta 1770 ገጢሙውን ተሸነፉ::

እዙይ ዝተዓዘበ ሚካኤል ሱሑል ብደም ዝተጨማለቑ ሃገር ኸማሓዳ ድሩ ዘይግባዕብማለት ህዝቢ ኣኪቡ ካብ ትግራይ ሓግዝ ተባሂለ መፄ ውእለታይ  ምስፈፀምኩዘይኸውን መሲልዎም ናዓይ ንኽቐትሉ ኣርኪበሎም: ኢሉ  ብምውንጃል

እዙይቀሊል ወንጀል ኣይኮነን ኢዮኣስ ክቅፃዕ ኣለዎ ብምባል ሰሙን ብዘይመልኦግዜ  ሞት ንእዮኣስ እንትፈርድ ብጥይት ኸነ ብሳንጃ ንጉሥ ኣይቅተልን እንተኾነብሃሪ ጨርቂ ሓኒቁም ቅተልዎ ኢሉ ኣዘዘ 7/1769.

ብድሕሪኡ ኢይኣስ ሞት የሃንስ ኢያሱ ዳግማይ/Yohannes
II ንጉሥ ገበረ:: የሃንስዳግማይ ጋል ሱሑል ወለተ ሥላስ ተመርዕዩ  ካብተን ተመርዔወን ቡዙሓት ሓንቲነይራ: እታካልኤቲ Sancheviyar ትባሃል ፃእዳ ፈላሲት እንትትከውን:

ሱሑል ንጉሥ እንትትገብሮ  ኣብ ናይ ተናሓናሕቲ ደቂ ሃፄያውያን ቆልዑ ነገሥታት ቤትማእሰርቲ ሓደ ኢዲ ከም መቅፃእቲ ተቖሪፁ ንይሩ:

እዙይ ዝኣዘን ዝገበን ንጉሥ ባካፉ ነይሩ.
የሃንስ 2ይ እብ (1699-18/10/769) 70ኣታት ዕድሚኡ ነይሩ ንጉሥ እንትሽየምብሱሑል::
ኣንታ ቆራፅ ኢዲ ኸመይ ገርካ ትሽይም ንሱሑል እንተበልዎ ባለይ ኢዲን እግሩንክኾነ እየ በለ::

ኾይኑ ግን ናብቲ ቁም ነግር ክንምለስ የሃንስ ዳግማይ ኣድማዒን ተስማዒንስለዘይነበረ ኣውርዱ ካብ ፈረንጂ ዝወለዶ(Sancheviyar) ትባሃል ተክለ ሃይማኖትዳግማይ/Tekle Hymanot II ቀፂሉ ንጉሥ ገበሮ::

ወዲ 15 ዓመት ተክለ ሃይማኖት ብ1770 ንኣዋርሕ ካብ ሥልጣን ወሪዱ ብስስስንዮስ ተተኪኡ ነይሩ ግን ሱሑል  ንፉሲል ምስሰዓረ ናብ ሥልጣን ተመሊሱብ23/12/1770

ካልዔይቲ ሱሑል ተመርዔዋ ወይዘሮ ኣስተር second wife, (after the death of first wife Walatta Gebreal) whose mother was Wentewab who was also the grandmother of Walatta Isreal, wife of Goshu Zewede)

ብ4/6 /1771 ወንድወስን ኣብጦር  ምስ  Iyoas
I ተሠሊፉ እንትዋጋዕ ዝተማረኸ(ሱሑል ሓራ ዝለቀቆ) ጎሹ ዘውዴን ምስ  ፉሲል ገዛኢ ዳሞት ሓቢሮም ንሱሑል እንትወግእዎ ሳርባኩሳ/The Battles of
sarbskusa  ዝበሃል  ውግዕ ኣብ ተዳ/Teda ዝበሃል ቦታ ተሸኒፉ ድሕሪ ሃደ ዓመት ማእሰርቲ ጥራሕ ኢዱ ንትግራ ይ ብነፃ
ኽምለስ ተገበረ ብ4/6/1771.

ንጉሥ ተክለ ሃይማኖት ኣብ ትሕቲ ወንድወስን ቁፅፅር ንግሥነት እንትቅፅል ብ1772 ጎሹ ሃይሉ: እሸቴ ዘውዴ ኣ ብ ጨጭሖ/Checheho ንወንድወሰን ኣሸኒፎም ንላስታክሃድም ገበርዎ::

ድሕሪ ህድማ ዳግማይ ተመዓራዩ ንምንኣስ ሓዉ ተክለሃይማኖት 2ይ ተክለ ጊዮርግስካብ ቤት ማእሰርቲ ወንድ ወሰን ኣፍቲሑ ንጉሥ ንክገብሮ ሞኪሩ ተክለሃይማኖትኢማኪና/Emakina ንወንድወሰን ኣሸኒፉ ንተክለ ጊዮርግ ስ መሊሱ ናብ እስር ቤትሰደዶ::

ብሥልጣን ምፍሕፋሕ ዝደኸሞ ተክለሃይማኖት 2ይ ብድሕርኡ መኒኑ ማልድባገዳም ኣትዮ ዓለም በቃኝ በለ::

ዘይወግሕ ወጋሕታ: ቀደሙውን ካብትግራይ ተሻገርካ አብዘዋኒንካ ጊዜኻምጥፋዕ ዘድልይዶ ነበረ?
ቀፂሉ ተክለገርግስ ናብ ንግሥና እንትመፅእ ከምኣመሎም መሰፍንቲ ካብ ሥልጣንእንተውርድዎ

ብድሕሪ ተኽለገርግስ 2ይ ካብንግሥነት ምውራድ ስሎመን ኣቤቶ ኣዲያጎ/Abeto
Adigo 2ይ ብወንድወሰን: ሃይለ ዮፃድቅ: ሃይሉ እሼቴ : ሃይሉ ኣደራን: ክንፉ ኣዳምንጉሥ ተሸመ 13/4/71777
-20/7/1799.

ስሎመን 2ይ ደጃዝማች ሃይሉ እሼቴ እዛዝ ስሜን: ኣዛዚ ዳሞት: ራስ ኣይደር ራስቢተወደድ: ሃይሉ ኣደራ ኣዛዚ
ጎጃም: ባሻ Boqatu/ብቃቱ ምኽትል ብላተን ግታ ገይሩሾሞም

ኣዋርሕ ፀኒሑ ኣዛዥ ሥላሴ ባርያ ዝበሃል ንተክለ ሃይማኖት ካብ ወኽኒ ፈቲሑንጉሥ ኢሉ ኣወጀ

ሰሎመን 2ይ ኽተት ምስበለ ካብ ንግሥና ተባረረ ተክለ ገርግስ ሓገዝ ንኽደልይንትግራይ ኣሳሃበ

ካብዑ ቐፂሉ ሰነ 1777 ተክለገርግስ ኣብ ጎንደር ተሸኒፉ ናብ ወኽኒ ተመለሰ

ኣብ ስቢሳባር ኣብሞንጎ ሃይለ ዮፃድቅ: ክንፍን ኣዳምን ዉግዕ ተላዒሉ ክፍሉ ኣዳምእንትስዕር

ሰሎመን እብ ትሕቲ ክፍሉ ኣዳም ወዲቁ ንሃይሉ እሼቴ ምስ ክፍሉ ኣዳም ክሃብርእንትፅውዕ ኣብ ፍልቃቲ ጀር
ጀር/Filakit Gerger ምኽትል ብላተንጌታ ብቃቱ(Boqatu) ንሓው ወንድወስን) ሲዒሩ ካብ ፍላቃቲ/Filakit
Gerger ኣባረሮ

ፅንሕ ኢሉ ክንፉ ኣዳምን ሃይሉ እሼቴ ኣብልዕሊ ስሎመን ኣዲሞም ተክለግርግስ ካብ ወኽኒ ፈቲሖም ንጉሥ ን
ምግባር ዝግጅት እንተካይዱ ስሎመን ንሃይለ የፃዲቅክማርኽ: እንተሞከረ ክሽፍዎ

ክንፉ ኣዳም ንንግሥ ተክለገርግስ ሰሎመን ናብ ዳሞት ወሲዱ ክስማፆም ኣብየባባ(Yebaba) ምስተኣከቡ ተክ
ለገርግስ ንጉሥ ኾይኑ ተሸመ 17/7/1779

ብ25/5/1780 ክንፉ ኣዳም እንደገና ስሎመን ካብ ወኽኒ ፈቲሑ ንጉሥ ንምግባርዝወሰዶ ፈተነ ብብቃቱ ኣብ
ማርያም ውህ (Maryam Weha) ወዲቁ ክንፉ እንትዕሰርሰሎመን ኣብ ወኺኒ ንመጨረስታ ግዜ ይኽዘን::

14/7/1779 ተክለ ገርግስ ብክንፉ ኣዳምን ሃይለኣደራ ኣብ yebaba ምስነገሠ14/7/1780 ገድሉ እብ ወልቃይት
ከምዑውን ፀዳሉ ዕግበት (ሰብኣይ ጋል ክንፉ) ዕግርህግር እንትፈጥሩሉ ብ18/3/1780 ገድሉ ንበርገታ(Bergett
a) እትሃድምብ25/5/780 Mebaras
Boqatu/መበርሳ ብቃቱ ኣብ ማርያም ውሀ ኣዳም ክንፉንሃይለ ኣደራ ማሪኹ ንተክለገርግስ እንትርክቦም

ብድሕሪዑ ክንፉ ኣዳም ካብ እስርቤት እንትሃድም ብ27/6/1780 እንደገናእንትማረኽ:

ቀፂሉ እብ እዋን ተክለገርግስ ዘሙቻ ኣማፅያን ክወግዕ ኣብ እሪንጎ/Aringo ምስመረሸደጃች ኣሙዴ: ኣሊ ቦርሼ/
Ali
Borshe ምስ ሠራዊት ክንፉ ኣዳምን: ራእሲ ኣሊጋዝ ኣብሰላም/Selam ትበሃል ሃገረስብ ንተክለገርግስ ከቢቦም
ምስኣጨነቅዎ ተክለገርግስሩባ ኣባይ ተሻግሩ ንጎጃም ሃደመ

ተክለገርግስ ሓሙሽተ ግዜ ካብ ንግሥግሥና ደይቡ ዝወደቀ ባዓል ፅውፅዋ ስብዝነበረ ምስትዋስ ይግባዕ እሞ ሕዚካዓ ተክለገርግስ ናብ ሥልጣን ደይቡ ብባርበሳ ብቃቱ/Boqatu ድሕሪምምራኽ ክንፉ ኣዳምን ሃይሉ ኣደራ ተክለገርግስ ኣዒንቶም ኣንቁሩ/ኣጥፊዑክዕውሩ ገበሮም::

ኣብ መበል ራብዓይ ፈተነ እልወት ብ10/1782 ሃይለ የፃድቅ: ሃይሉ እሼቴ ካብንግሥናኸውርድዎ እንትኽድሉ ንዔያም ሲዒቡ ተክለገርግስ ንጎጃም እንትግስግስ ሃይሉኣባይ ተሳጊሪሩ ምስ ራስ ኣሊ 1ይ ተፀምበረ::

ኣብ ኣፍራዋናት/Afarwanat ተክለገርግስ ተሳዒሩ ክሳብ 24/4/1784 ካብ ንግሥነትወሪዱ ናብ ኣምባስል ሓዲሙ

ምስ ራስ ኣሊ 1ይ ዝነበሮ ጎንፂ ብ1783 ተክለገርግስ ጋል ገብሬ ተስፋ ትሻን/Teshen Gebre ሓፍቲ ሃይለማርያም ገብረ ተመርዒዩ ስለዝነበረ ምስ ኣቦኣ ገብረ ኣምባሰልዕቑባ ጠይቑ ኣፅለለ

26/7/1789 -1/1794 **Hezqeyas son of** Iyasu III/ ኢስቅያስ ብድጋፍ ኣዛዚ ዳግለን/ከንቲባ ኣይደር/*Azaj* Dagale and *Kantiba* ካብ ወኺኒ ፈቲሖም ንጉሥ እንትግብርዎ

ድሕሪ ራስ ኣሊ 1ይ ሞት ራስ ተክለገርግስ ዘንገሠ ተገልቢጡ ሪስ ኣሊጋዝ ንHezqeyas ምድጋፍ ጀመረ 1789
Hezqueyas ካብ እስርቤት ብምፍታሕ: ድሕሪ ክልተ ዓመት ሽፍትነትተክለገርግስ ምስደኸሞ ብምትላል ኢዱ ምስሃበ ኣክንዲ ሓራ ምውፃዕ ኣሊጋዝንተክለገርግስ ወሲዱ ናብ ድጋና ኢማኪና/Emikan ሽጎሮ

ኢስቅያስ/Hesquyes ውለታ ንምኽፋል ራእሲ ሃይለ ዮዛድቅ/*Ras* Haile Yosadiq ኣዛዚ ናይ ጎጃም ፊተውራሪ ኢኮያን/ *Fitawrari* Ikonyan ደጃዝማች ናይ ዳሞት ገሩ ሸሞም

Hezqeyas ምስ ሃይለ የፃዲቅ/Haile Yosadiq: ደጃዝማች ፀዳሉን ምስ ክልተ ኣቡናትAbune Yosab and ichege Wolde **Hezqeyas (**son of Iyasu III Azequ grandson of Iyasu II) ሓቢሮም ፀረ ኦሮሞን እስልምናን ዘመተ ጀመሩ

ግና Ali 1ይ ቅድም ኢሉ ጋል ሓፍቱ ኣንቃሊት/Anqualit ትበሃል ንሃይሉ እሼቴብምምርዓው: ክምዑውን ኣሊ ንተክለሃይማኖት 2ይ ናብ ንግሥና ከድይብ ምፅዓሩምስ ሃይለ ዮፃድቅ ምፍሕፋሕ ጀመሩ

ደጃዝማች ወልደገርኤል ወዲ (ወዲወዶም ንሚካኤል ሱሑል) ምስ ሃይለ የፃድቅ ሓቢሮም ምስ ተክለገርግስ: ኣሊን: ሃይለ እሼቴን ተዋግዑ ንጉሥ ባእደ ማርያምብምድጋፍ ብ5/1788 ኣብ ማዳብ/Madab ዝበሃል ቦታ ደጃት ወልደ ገብርኤልእንትቅተሉ ባእደማርያም እንትማረኽ ራስ ሃይለ የፃድቅ እግረይ ኣውፅእኒ ይሃድሙ

ድሕሪ ዓመት ቢተወደድራ ራስ ኣሊ 1ይ እብ Filakit Gereger ብመሰተ ብዝሓትንስኽራን ብድሕሪው እንትሞቱ

ራስ ኣሊጋዝ 1788 ሥልጣን ምስደየቡ ኣክንዲክንዲ ተክለገርግስንዮኢስቅያስ/Hezqeyas ንጉሥ ክኸውን ካብቶም ተቃለሱ ሀደ ኣካል ነበሩ

ከም ልዕል ኢና  ዝጠቀስናዮ ድሕሪ ክልተ ዓመት   ሽፍትነት ተክለገርግስ ኣማን እካኢሉ ኢዲ ምስሃበ ኣክንዲ ሽ መት ራስ ኣሊጋዝ ናብ ኢማኪና/Emakina  ዝበሃልእስርቤት ዳረጎ

ምስ ኣሊጋዝ ዝነበሮ ቅርሕንቲ ንምውፃዕ  ሃይለ ወንድወሰን ተክለገርግስ ደጊፍ  ድሕሪ ክልተ ዓመትን ፈረቃን ካብ ወኺኒ እንትፈትሖ

የፃዳቅ ምስ ኣብነ የስዮስን ወሲኹ ብ1793
Hezqeyas ብምድጋፍ  እትስለፉ ተክለገርግስ ነዚኦም ጣምራ ንምውጋዕ ንጎንደርኣምረሔ

Hezeqyas ደጃች ሃይሉ እሼቴን ኣሊጋዝ እኻ ሃገዝ እንተረኸበ ብተደጋጋሚ ውግዕምፃር ስለዘይካኣለ ንድንግል በር ሃደመ

ኣሊጋዝ ነዊሕ ከይፀንሔ ሓሚሙ ሞተ

ዘይወግሕ ወጋሕታ
Wagner/ዋግነር ኾይንካ ሽፍታ
ኣብ ዘይተዓደምካሉ ገበታ
ክትፍትፍት ብርኲትታ
እንታይ ኣድለየ እንተሎካ ገፊሕ በታ

ንጉሥ ምስኮነ ድሕሪ ቡዙሕ ሕድሕድ ውግዕ ኣብሞንጎ ኣዛዥ ሃይለሥላሴ ባርያው: ክንፉ ኣዳም ብቃቱ/Boqat u (ሓው ወንድወሰን) ክካየድ ጀመሩ::

ሃይለ ዮስቅያስን: ሃይለ ኣደራን: ተክለ ገርግሥ 1ይ ዶ ስሎመን 2ይ ይንገሥ ብምባል  ፍኽክር
ብቃቱ/Boqatu: ክንፉ ኣዳም እንትእሰር  ስሎመን ንጉሥ ኾይኑ ክቅፅል ይግበር::

ተክለገርግስ ናብ ኣቦ ስበይቱ/Teshen ዝቓፃፀርዎ ቦታ ይሃድም

ገብረ ተስፋ ወልቃይት ፀገዴ ኣዲ ኣርቃይ ኣብደል ራፍዕ ኣበርገለ  መሬት ትግራይብተደጋጋሚ ክም ወዶምን ወ ዲወዶም: ሃይለማርያም ገብረን:ውቤ ሃይለማርያምንኽወሩ ብተደጋጋሚ ንብረትን ህዝብን ተቃፃሉ እንትቀት ሉን ታሪኽ  ዝመዝገቦ ሓቂእዩ

ደጃች ገብረ ሓይማኖቶም ካቶሊክ ነይሩ
60/ስልሳ ኣንስቲ ኣእትዮም ዝነበሩ ዓርሓ ኲኲናይ ሹደናይ ዳርጋ ደንበ ናይ ኣንስቲክበሃል ብዝካል ዝነበሮም  ሹ ደናይ ነበሩ
ካብ ሓንቲ ናብ ሃንቲ እናተጋለበጡ ዝሓድሩ እንትነብሩ ባላባት እንትኾኑ

ቀንዲ ውሩያት ደቆም ካብ ወይዘሮ ሳህሊቱ ክፍለ ኢየሱስ/ Sahlitu Kefle Iyesusዝተወለዱ:

Gebre Tefa ገብረ ተስፋ ኣቦ ናይ
ሃይለማርያም ገብረ
ትሕሽን/Teshen ገብረ

በትረ ገብረ እንትወልዱ

ትሕሸን ጋሎም ንንጉሥ ተክለገርግስ ብ1783 ካልኤቲ ስበይቱ ነይራ
በዙይ ዝኣክል ኣሊጋዝ ካብ ሥልጣን ተክለገርግስ ምስደርበዮ ዕቁባ ኾይኖም ኣብቤጌምድር ዝሓብዕዎ ራስ ገብረ ተስፋ እዮም

በዙይ ዝመፀ ምኽንያት ብ18/5/1795 ደጃት ወልደገብርኤል ኣዛዚን ተወላዳይ ላስታብናይ ንጉሥ ባእደ ማርያም ትእዛዝ ራስ ገብረ ተስፋ ኣብ እምባ ሞሰዋቢት/Mount
Mosabit ጥቃ ሳዋዳ/Sawada ኣሸኒፎም ተክለገርግስ መዕተዊ መውፂኢ ኣስኣንዎ::

እዚ ገፁ ንኣዲ ጋሉ ኣመተ ሥላሴ ንትግራይ ክዕቁብ ገፁ ገበረ

ናይ ባእደማርያም ካልዓይ ደጋፊ ዝነበሩ ራእሲ ወልደሥላሴ
ስሜን ክሳብ ሴጎነት/Segonet ባጌለ /Bagele
Hay/ሄይ ታሳን/Tassan ውግዕምስገጠሙ ምስ ገብረ ተስፋ እርቂ ወሪዱ ኣብ እንጬትከባብ/Inchetkaub ሃይለ ገርግስ ክነግሥ ተስማሚኦም 12/1795 ፍፃሜ ተመሓላለፈ

2/2/1813 ወልደሥላሴ ናይ ትግራይመሬት ተወረረ ወልቃት እንተምልስሃይለማርያም ካልኣይ ወረራ እንተካይድ 19/2/1813 ብ20/3/1813 ወልደሥላሴኣሸኒፍ በትረ ገብረ ሓው ሃይለ ማርያም ገብረ Asgas Sedit the chief of Arbarcholo, his women, servants, and a great number of horses were captured. The battle left four hundred dead.

ብ 5/817 ሃይለማርያም ተከዘ ተሳጊሩ ኣበርገለ እንትቆፃፀር ካብ ራእሲ ገብረሚካኤል ወዲ ወዶም ን ሱሑል ሹም ተምቤን ብምምንጣል ሙሉዕብሙሉዕኣበርገለ ብሓዊ ኣባሪዕዋ

ቅድም ኢሉ ኣቦ ወልደሥላሴ ደጃት ከፍለእየሱስ ሚካኤል ሱሑል እንትቀትሎምበዚ ዝነበሮ ስግኣት ወልደስላሴ ኣብ ጎጃምን ወሎ ይቅመጥ ነበረ

ድሕሪ ግዜ ንጨሎቀት ምስተመልስ ክልተ ብሱሑል ዝተላኣኹ ኣቤልንካኤልን/Abel and
Cail ዝባሃሉ ብገዛ ኢዱ ማሪኹ እንትቀትሎም
ወዲወዱ ንሱሑል ርስ ወልደገብርኤል ካዓ ውግዕ ኣብ ዎገራ እንትኽፍተሉወልደሚካል ምኻን ምስኣበዮ እርቂ ብምባል ባላጋዳ ንወልደስላሴ ኢሉ ሾሞ

ኣሊጋዝ ንተክለገርግስ ካብ ንግሥነት ምስኣለዮ ተክለገርስ ንወለስላሴ ሓገዝእንትጥይቅ ወልደስላሴ እንትኣብዮ ንኣኽሱም ብሰላም ንኽቅመጥ ፈቂድሉ

ተክለገርግስ ኣብዙ እዋን ሥራሕ ኣልቦ ስለዝኾነ ንጉሥ ብምንባሩ ገንዘብንዝህብዎ መኻንንት ናይ ኽብሪ ሹመት እናሃበ ናብርኡ መተሓዳደሪ ገንዝብእናኣከበ ክመሓዳደር ክሳብ ግዜ ሞቱ ጀመረ::

ወልደገብርኤል ኣሊን ኣሊጋዝን ምስቀተልዎ ወልደስላሴ ንኣሊጋዝ ሹም እንደርታግበረኒ ኢሉ ተመልከተ ንህልካ ኣፍራ ክምዝባሃል ንወዲ ሱሑል ገብረ መስቀል እቲሹመት ሃበ
በዙይ ዝተቆጠዔ ወልደስላሴ ግብረመስቀል ከቢቡ ምስሓዞ እስረኛ ገበሮ

ቀፂሉ ሠራዊቱ ንጎንደር ኣምረሖ በዙይ ተደናገፁ ክልተ ነገሥታት ተክለሃይማኖትንተክለገግስን ብ1790 ራእሲን ቢተወደ ድን of Abyssinia ጣምራ ሹመት ንወልደስሴሽለግዎ

1825 ሃይለማርያም ገብረ ምስ ማሩ ወዲ ደንብያ/Maru of
Dembiya እናተባሃለ ዝፅዋዕ ካብ ቤቱ ፍንጃ/House of Fenja ዋዕላ ኣተወ:
ሃይለማርያም ገብረን ማሩን ኽልተ ሓፍትታት ናይ ደቂ ጉግሣ መርሱ በረንቱዝተመርዔው እንትኾኑ ዝፍለጥ ኾ ይኑ

ይመር ንጎጃም ወሪዲ ምስ ጎሹ ዘውዴ እንትዋጋዕ ሃይለማርያም ክሰሜን ዘሊቁጎንደር ብምቁፅፃር ንጉሥ ጊጋ ር /Gigar ኣውሪዱ ባእደ ማርያም ብምንጋሥ ይመር ተቆጢዑ ገፁ ንቤገምድር ኣምረሖ

ማሩ ዝኣተዎ ዋዕላ ጠሊሙ ምስ ይመር ጉግሣ ወጊኑ ንሃይለ ማርያም ኣብ ዋልድባውግዕ ገጢሞም

ብ25/12/1825 ሃይለማርያም ተወጊዑ ድሕሪ ቁርብተይ ማዓልቲ ሞተ::

ሃይለማርያም ገብሩ ቅድሚ ውግዕ ንጉሥ ጊጋር ኣውሪዱ ባእደማርያም 3ይ እንጊሡነይሩ:

ድሕሪ ሽንፈት ሃይለማርያም ይመር ባእደማርያም ኣውሪዱ ጊጋር ንብ ንግሥነቱመለሰ

ውቤ ሃይለማርያም እውን ተማረኸ
ግንከ ቆልዓ ሰለዝነበረ ማሩ ንይመር ነፃ ኽሰዶ መዓደ ፀኒሑ ክጠቅመና ይኽዕልብምባል

ሙቅ ማይ ከይዛሓለ ክምዝበሃል ውቤ ምስ ይመር ወጊኑ ንደጃት ጎሹ ዘውዴን: ንማሩ ደንብያ ኣብ ኮሰበር 18 27 እንትወግዕ ጎሹ ንጎጃም እንትሃድም ማሩ ተቀተለ::

ድሕሪ ዓመት ይመር እውን ብሕውከት ኣብ ደብረታወር ይመውት

ውቤ ሃይለማርያም (1799-1867)ኣዲዑ ምንታየ (ውሽማ ሃይለማርያም)ተወላዲትጃን ሞራ
ብ1827 ኣቡዑ ሃይለማርያም ምስሞተ ሥልጣን ንሕጋዊወዱ መርሰ/Merso ሃይለማያም ወዲ ሂሩት ጉግሳ ወ ዲ ክንዲዝወሃ ኣምሓራ መካንንቲ ከም Manet Wolde
Kidan ማጀት ወልደኪዳን ዘኣምሰሉ ንውቤ ክወሃብ political
stand/ ፓለቲካዊ ኣቃም ብምውሳድ ናብ ሥልጣን ኣደየብዎ

እዚ ኣሻሻም ኣልየታዊ ንምኻኑ ዘየጣራጥር ነይሩ
ውቤ ሙሉዕ ኣምሓራይ እንትኸውን መርሰ ቡጡል ሃይለማርያም በቦኦም ኦሮሞብኣዲኦም ተጋሩ ብምንባሮ ም እየ
ናይ ሂሩት(granddaughter of Itege Taytu
Betul) ኣዶ ኣመተ ሥላሴ ኣቦዓ ንጉሥተክለገርግስ የሃንስ 2ይ እንትኸውን ናይ ኣመተ ስላሴ ኣዶ ትግራወይቲ ብምኻናኣምሓራ ፀሓፍቲ ስማ ኣብታሪክ መዝገብ ከስፍርዎ ኣይደለዩን እካዳዓ ኣብጥቃሥልጣን ውድቐቱ ተክ ለገርግስ ተመርዔዋ ትሻን/Teshen ጋል ገብረ ሓፍቲሃይለማርያም ገብረ ካብ እቅን ንላዕሊ ስማን መንንነታን እ ናተጋነነ ተመዝጊቡይርከብ

ዘይግበኦ ሥልጣን ምስጨበጠ ውቤ እደናጊፁዎም መርሶ: ቡጡልን: ሂሩት ጎንደርለቂቆምንትግራይ እቁባ ስባጋ ድስ ኸሓቱ ተገዲዶም እንትቅመጡ

2/1831 ውቤ ምስ ማርየ ጉግሣ ወጊኑ ትግራይ እትወግዕ ማርየ እንትቅተል ኣብደብረ ኣባይ ስባጋድስ ተማሪ ኹ ብጥይት ኸምዝድብደብ ተገበረ
ሓጎስ ስባጋድስ ኣብ ውግዕ ሞተ

ካሕሳይ ስባጋድስ 1838 ውግዕ ብውቤ ተማሪኹ ን15 ዓመት እንትእሰር ሃፄ ተድሮስ2ይ ወቤ ምሰሰዓረ ፈትሖ

1841 ጋንጉል ስባጋድስ ውቤ ገጢሙ ምኻን ምስኣበዮ ንበራሕለ ሃዲሙ ነብሱኣትረፈ

እብዙ እዋን መርሶን ቡጡልን ብወቤ ተማሪኾም ኣብቲሕቲ ቁጥጥር ውቤምስኣተው እብ ሠራዊቱ ክገልግሉ ተ ገደዱ

ምስ ካሣን ጋንጉል ስባጋድስ ዝተገብረ ውግዕ ኣብዘይድልየቶም ክስለፍን ክዋጉዕተገደዱ

በዝይ ዝመፀ ቁጣኤ 1842 ምስ ኣሊ ኣሉላ እሊ 2ይ (DOB 1816-
1866) ውቤ ምስ ራስኣሊ 2ይ ብ1841 ዘካየዶ ውግዕ መርሶ: ቡጡል ሂሩትን ንሰም ኣዲኦም ወጊኖም ንውቤእን ትወግዕ
መጀመርያ ውቤ ኣብቲ ውግዕ 1841 ካብ ኣሊ 2ይ ጎንደር እንትነጥቅርስ ኣሊ ክብጎንደር እንትሃድም
1841 እብ ውግዕ ደብረ ታቦር ኣሊ 2ይ መርሶ ቡጡልን ሂሩት ክማረኹ
ካብ ተሓጋስ ንላዕሊ ወቤ ስኺሩ እናጨፈረ ብሩ ኣሊጋዝ/Birru Aligaz Gaguwel second cousin of Ali II ፈጥኖ ደራሽ ኣርኪቡ ንወቤ ብስጋሩ ንውቤ ጨቢጡ ማረኾ
ብምሩኻት ልውውጥ ስምምዕ ወቤ ነፃ ክስደድ ከምዑውን ኣሊ 2ይ መርሶን ቡጡልን ናብ ግዝኣም በጌምድር ን ጎጃምን ክምለሱ ተገበረ

ኣሊ 2ይ ንግሥንዑ ንዳግማይ ግዜ ኣደላደለ: መርሶን ቡጡልን ኣሊ 2ይ ናጎጃምመማሓዳደርቲ ገይሩ ሸሞም
6/1853 ምስ ካሣ ዳሕራይ ሃፄ ተድሮስ ዝተባሃለ ኣሊ 2ይ ውግዕ ተከፊቱ ኣሊ 2ይሕላውዑ እንትጠፍዕ ቡጡል ቀተለ::

ኣሊ 2ይ ጋል ዉቤ ሂሩት ውቤ ተመርዩ ተዋበች እንትወልድ ካሣ/ሃፄ ተድሮስ ተዋበች ቀዳመቲ ስበይቱ ነበረት

ዞም እንዳ ጉግሣ መርሱ በርሰባን ኣሊ2ይ (ወዲ ኣሉላ እሊን) ዋላካ ምስ ኣምሓራገብረ ተስፉ ይዋለዱ እምበር ፈፂሞም ፀረ ኣምሓራ ሥርዓት ዝነበሩ እዮም

**ያሬድ ሑልፍ**